ኣብ ቤት ፅሕፈት ኮንስትራክሽንን መንገድን መጓዓዝያን ወረዳ ግሎ መኽዳ ዝርከብ ከይዲ ስራሕ ህንፃ ዲዛይንን ኮንስትራክሽንን ኣብ በጀት ዓመት 2011ዓ/ም ዋንነቱ ናይ ወረዳ ግሎ መኽዳ ቤት ማዘጋጃ ዝኾነ በዓል 1 ደብሪ ፕሮጀክት ኣብ ከተማ ፋፂ ብደረጃ 8ተ Bc/Gc ብርኪ ፍቃድ ኣናሽተይን ኮንስትራክሽን ማሕበራት ብግልፂ ጨረታ ኣወዳዲሩ ከስርሕ ይደሊ። ስለዚ ነዞም ረቋሒታት እተማለኡ ነጋዶ ክትወደደሩ ንዕድም።

- ዝወፀሉ መዓልቲ: ቀዳም ጥቅምቲ 3, 2011 (ልዕሊ 8 ዓመታት)
- ዝዕፀወሉ መዓልቲ: ጥቅምቲ 19, 2011 3:00 ቅ/ሰዓት (ተዓፅዩ)
- ናይ ጨረታ መድሓዚ ዋጋ:10000.00
- ቦታ:ጉሎመከዳ
- ናይ ደኩመንት ዋጋ:150
- ጨረታ ዝክፈተሉ መዓልቲን ሰዓትን: ጥቅምቲ 19, 2011 3:30 ቅ/ሰዓት
- መደብ: ገዛውቲን ሕንፃ ስራሕቲን/

1 ናይ 2011 ዓ/ም ዝተሐደሰ ብቤት ፅሕፈት ልምዓት ደኣንትን ኣናእሽተይን ማእኸላዎትን ማኑፋክቸሪንግ ኢንዱስትሪ ዝተውሃበ ብርኪ ትካል ምስክር ወረቀት ፣ምዝገባ ንግዲ ምስክር ወረቀት፣ ፍቃድን ንግዲ ናይ ኮንስትራክሽን ምዝገባ ካርዲ ፣ ምዝጋባ ከፋሊ ግብሪ ወረቀት ምስክር፣ተወሳኺ እሴት ታክስ ዝተመዝገቡ ናይ መቅረባይነት ወረቀት ምስክር፣ ናይ ዝሓለፈ ወርሒ(ነሓሰ) ሒሳብ ዝገበርኩምሉ መረዳእታ ከቅርብ ዝኽእለ ፣

2 መኽበሪ ጨረታ 10000.00 ቅርሺ ካብዞም ዝስዕቡ ብሓዲኡ ከቅርብ ዝኽእል ኾይኑ ብጥረ ገንዘብ ከትሕዙ ዝክእሉ ወይ ኣብ ብሄራዊ ባንኪ ኢትዮጵያ ኣብ ዝተፈቀደሎም ባንኪታት ወይ ፋይናንሳዊ ትካላት ዝወሃብ ኣብ ኩነታት ዘይተመስረተ ውሕስና ባንክታት ወይ ፋይናንሰዊ ትካላት ብዝተረጋገፀ ቼክ ከቅርቡ ኣለዎም

3 ተጫረቲ ናይቲ ዝጫረትሉ ህንፃ ፕሮጀክት ስራሕቲ ቦታ ካብቲ ዝተረከብሉ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ 210 ተኽታታሊ መዓልቲ ሙሉእ ብሙሉእ ዛዚሞም ከረክቡ ኣለዎም።

4 ተጫረቲ ብቤት ፅሕፈት ኮንስትራክሽን መንገድን መጓዓዝያን ከተማ ወረዳ ግሎ መኽዳ ከይዲ ስራሕ ህንፃ ዲዛይን ኮንስትራክሽንን ዝተዳለወ ሰነድ ጨረታ 150 ቅርሺ ብምኽፋል ካብ 30/01/2011ዓ/ም ጀሚሩ ካብ ቤት ፅሕፈት ኮንስትራክሽን መንገድን መጓዓዝያን ወረዳ ግሎ መኽዳ ከይዲ ስራሕ ህንፃ ዲዛይን ምውሳድ ይኽእሉ እዮም።

5 ተጫረቲ ዝመልእዎም ሰነድ ዋጋ ጨረታ ሓደ ዋናን ክልተ ቕዳሕን ናይ ጨረታ መኽበሪ ቤት ፅሕፈት ልምዓት ደቐኽትን ኣናእሽተይ ትካላት ንግዲ ዝተውሃብኩምዎ ብርኪ ትካል ናይ ንግዲ ምዝገባ ካርዲ፣ናይ ተኾናታሪነት ምዝገባ ካርዲ መቅረባይነትን፣ መረደእታ መለለይ ቁፅሪ ከፈልቲ ንግዲ ወረቀት ፣ተመዝጋቢ ተወሳኺ እሴት ታክስ፣ ናይ ዝሓለፈ ወርሒ ተወሳኺ እሴት ታክስ ኣብ ዝተፈላለዩ ፖስታ ተዓሺጉ ኩሎም ፖስታታት ናብ ካሊእ ዓብይ ፖስታ ብምዕሻግ ናይቲ ዝተጫረትሉ ፕሮጀክት ስም ኣድራሻ ፊርማ ብዝርኣ ቀለም ብምፅሓፍ ናብ ዝተዳለወ ሳንዱቅ ክሳብ 19/02/2011ዓ/ም ሰዓት 3:00 ብኣካል ብምምፃእ ከእትውዎ ኣለዎም።

6 ተጫረቲ ብውነ ተረዲኦም ሽሞምን ማህተሞምን ብምዕራፍ እቲ ሰነድ ጨረታ ከምቲ ክሸየጥ ቶሎ ዝነበሮ ከየጋደሉ ከቅርቡ ኣለዎም።

7 19/02/2011ዓ/ም ሰዓት 3:00 ተዓፅዩ ብተመሳሳሊ ዕለት ሰዓት 3:30 ተጫረቲ ወይ ድማ ሕጋዊ ወከልቶም ኣብ ዝተረኽብሉ ቤት ፅሕፈት ኮንስትራክሽን መንገድን መጓዓዝያን ወረዳ ግሎ መኽዳ ከይዲ ስራሕ ህንፃ ዲዛይን ኮንስትራክሽንን ይክፈት።

6 እቲ ቤት ፅሕፈት ዝሓሸ መማረፂ እንተረኺቡ እቲ ጨረታ ብሙሉእ ይኹን ብኽፋል ናይ ምስራዝ መሰሉ ዝተሓለወ እዩ።

© መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ። 2013 - 2026 Made with love in Mekelle

ንተወሳኺ ሓበሬታ ብስ.ቁፅሪ 0344-340159 ምድዋል ይከኣል።

© መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ። 2013 - 2026 Made with love in Mekelle